# ኤርትራ ናይ መን ትኹን?

# ናትና - ናይቶምንጹሃን ደቃ’ዶ፡ ወይስ ናይቶምሰብገበን?

**ታደሰ ኪዳነ** **በርሚንግሃም**

**1ይ ክፋል** **04/04/2019**

“ኤርትራ ናይ መን ትኹን”? ዝብል ሕቶ ምሕታት ቀሊል ይመስል ይኸውን። ቀሊል ሜልሱ’ውን “ናይ ኤርትራውያን” ዝብል ምዃኑ ዘካትዕ ኣይኮነን። ግን ናይ ኣየኖት ኤርትራውያን? ኣብ ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ዝኾነት ሃገር ዝርከብ ህዝቢ፡ ዝበዝሐ ጥዑይ፡ ባህሉን ስነ-ምግባሩን ዘኽብር፡ ብስጋይ ስጋኻ እናተኸባበረ ኢዩ ዝነብር። ንባህሉ፡ ወግዕታቱን ስነ ምግባሩን ዝዘርጉ ዉልቀ-ሰባት፡ ከከም ግብሮም ዝቕይድ ሕጊ፡ ካብ ተግባራቶም ንኽመሃሩ ዝጸንሑሉ ኣብያተ ማእሰርቲ ሰሪሑ፡ ንገበነኛታት ተቆጻጺሩ፡ ዝበዝሐ ህዝቢ ብዝሰማማዓሉ መንገዲ፡ ወግዕታቱ ኣኽቢሩ ኢዩ ዝነብር። ህዝቢ ክንብል ከለና **<u>ዝተኻኻእ ወለዶ</u>** ማለትና ምዃኑ ዘካትዕ ኣይማስለንን። ዝተኻኻእ ወለዶ ዘይብሉ ዘዝተወልደ ዝሃድሞሕ/ሰብ ከኣ፡ ከምህዝቢ ክቕጽል ኣይክእልን ኢዩ።

ወለድና ንዓና ስለ ዝወለዱ፡ ኤርትራውያን ከምህዝቢ ጸኒሕና፡ ቀጺልና ከኣ። ነቶም ንዓና ኣጥፊኦም ባሕርና ክወርሱ፡ እንዳና ክግብቱ ብደቡብ ዝመጹና ኢትዮጵያውያን ወረርቲ፡ ስንና ነኺስና፡ ብቕድሚቱን ብድሕሪትን እናተሃረምና፡ ንኹሉ ሕሰምተጻዊርና ክንቃለሶምከለና፡ ከም<u>ህዝቢ ክንተኻኻእ፡</u> ወግዕታትና ንወለዶታት ክኽበር፡ ደቅናን መንእሰያትናን ዝኾርዑላ፡ **ንዓና ተኪኦምተካእቲ ዘፍርዩላ ሃገር ከነምጽእ እምበር፡** ተማሊሶም ንዘብርሱናን ሜሬትናን ርስቲ ኣባሓጎታትናን ንዘስኣኑና ገበነኛታት ንኸነረክብ ኣይነበረን። ነዚ ክንገብር - ካብ ጌጋታት ኣቦታትና ክንመሃር እምበር፡ ብፍላጥ ኮነ ብዘይፍላጥ ንዝፈጸምዎ ጌጋታት ከነኮማስዕ ግዜ ኣየጥፋእናን። ርስቲ፡ ዑናን ሜሬትን ኣባሓጎታትና ጥራይ ኣይኮናን ወሪስና። ንሳቶም ንዝፈጸምዎ ጌጋታት’ውን ከምናትና ወሪስና ኣሪምናዮን ከነስተኻኽሎ ፈቲናን ጽዒርናን፡ ተዓዊትናን እውን ኢና።

ንጉስ ሃይለ ስላሴ ሚ ብሰጊሩ ኤርትራ ክኣቱ ከሎ፡ ኣቦታትና ልዕሊ ሰብ - ትሕቲ ኣምላኽ ኣኽቢሮም ተቐቢሎሞ፡ ደቆም ዋጋ ክንከፍለሉ ምኽ ረኣዩ ግን ብልቢ ነቢዕም፡ እነሆ ከኣ ሎሚ ታሪኽ ይድገምኣሎ። ትማሊ ክብሪ ህዝብናን ልዑላውነት ሃገርናን ከነምልስ ከለና፡ ኣብ ውሽጢ ተሰኹዖም ብደምና ጠጢዮም ብማስዋኣትና ተዓቂቦም ኣብ ድኽነትናን ጥሜይ ከብድናን ጥዒመዎም ዝኣተውዳሓሉ፡ ዳግማይ ወለዶና ከጥፍኡ፡ ሕ/ሰብና ክብትኑ ይፍትኑ ኣለዉ። እቶም ንዓና ተኪኦም ጥዑይ ሕ/ሰብ ክምስርቱ፡ መንነትና ወሪሶም ከም ህዝቢ ክቅጽሉ ዝተጸበናዮም ደቅና፡ ናብ ዓዲ ጓኖት ኣምሪሖም፡ ኣብ ዓለም ተበቲኖም፡ ከምሰባት ሓሲሮም፡ ጉንያን

ማሳልን ካብ ጻዕሮምን ኣብራኾምን፡ ኣብ ውሽጢ ሃገሮም ዘይኮነ ካብ ካልኦት ብትኳቦ ክውሃቦም“ዑቕባኹም” ይብሉዎምኣለዉ። ኤርትራ ሃገርና፡ እታ ምእንታኣ ብዙሕ ህይወት ዝኸፈልናላ ሃገር፡ ኑጹሃት ዝሃድሙዋ፡ ገበነኛታትን ዓመጽትን ድላዮምዝገብርዋ፡ ሰብ ብፍርሒ ዝነብራ ሃገር ኮይና። ነዚ ንኽምዕስ ከኣ ኢየ፡ ነዚ ክብ ኢለ ዘቅረብኩዎ ሕቶ ዘምጻኣኩ። እሞኸ፡ **ኤርትራ ናይ መን ትኹን? ናትና’ዶ ናይቶምሰብገበን?**

ኣብዚ ቀረባ እዋን ብሜራከቢ ብዙሃን ብዝሰማዕኩዎ ዜና ኢየ ክጅምር። እቲ ንሞትን ሕስረትን ዘብጻሓና ኢሰያስ፡ ኣብ ዓዲ ሓሎ ዝበሃል ቦታ፡ ሓድሽ ቤተ-መንግስቲ ማስሪቱ ምህላዉካብ ንሰምዕ ሓያሎእዋን ሓሊፉ ኢዩ። ንዕኡ ዝሕሉ ከኣ እቲ ንስንኩላን ኲናት፡ ነቶም ደልዓስ እናበሉ ዝኸዱ፡ ፍርቂ ኣካሎም ንኽብሪ ህዝቦምን ሃገሮምን ዝሃቡ፡ ብሓልዮትን ክብርን ክተሓዙ ዝግበኦም ስንኩላን፡ ብተሞክተለይ ብጢያይቲ ዝረሸነ፡ ናይ ድሕሪ ናጽነት ጅግና፡ ናይ እዋን ሰላም ብርጋደር ጀነራል፡ ፍጹም ወዲ ማህር። እቲ ብቅሉዕ ቀትሪ ምድሪ ብዙሓት እናረኣይዎ፡ ሰባት ዝቐዘፈ ፍጹም ወዲ-ማህር፡ ካብ ጽኑዕ ቤት ማእሰርቲ ብጽኑዕ ሓለዋ ተሰንዩ ቤት ፍርዲ እናተመላለሰ፡ ብመንገዲ ጠበቓኡ ፍርዱ ክቃለለሉ ክልምን እምበር፡ ንካብኡ ዝዓቢ ገበነኛ -ካብ ንጹሃት ደቂ ሜዳት ክሕሉ መን ይጽበዮ። ኢሰያስን ፍጹምወዲ ማህርን፡ ምስ ካልኦት ማሳልቶምኩሉ ህዝቢ ዝፈልጦ፡ ብዙሕ ሰብ ዝቐዘፉ ገበነኛታት ኢዮም፡ እሞ - መንእሰያት ሃገረይ!! ኤርትራውያን ኣሓተይን ኣሕዋተይን፡ ኤርትራ ናይ መን ትኹን? ናትና’ዶ ናይቶም ገበነኛታት? ደቅና፡ ርስትን ዓድን ኣባሓጎታቶም ወሪሶም ብሰላም ዝነብሩላ’ዶ፡ ንጹሃን ሰባት ዝቐዝፉ ገበነኛታት ይምብርዋን ይዓንድሩላን?

ኣብቲ ብዕለት 10 ጥቅምቲ 2018 ዓ.ምኣብ ዓዲ ኣንግሊዝ እንነብር 50 ተጋደልቲ ህዝባዊ ግምባር ነበር፡ ምኡእ ስምና ኣድራሻናን ገሊጽና፡ ብጽሑፍ - **ኢሰያስን ኩሎምኣብ ጎድኑ ዘለዉገበነኛታትን ካብ ስልጣን ክእለዩ፡ ሞእ ህዝቢ ኤርትራ ብውልቅን ብጉጅለን ድምጹ ከስምዕን ‘ይኣክል’ ክብልን ጸዊዕና።** ሎሚውን ኣብ ሞእ ዓለም ዘሎ ህዝቢ “ይኣክል!!” ይብል ኣሎ። እው፡ ይኣክል ስደትን ውርደትን፡ ይኣክል ጭውያን ቅትለትን፡ ይኣክል ዕንደራን ብድዐን፡ ይኣክል ጽምዋን ብኽያትን፡ ይኣክል ምጽናትን ብርሰትን። እቲ ይኣክል ዝበሃል ዝርዝራት ኣዝዩ ብዙሕ ኢዩ።

ሎሚዘዝተወልደ ኤርትራዊ ናብ ደገ የቋምት፡ መጻኢኡ ካብ ስደት ጥራይ ዝተጸበዮ ይመስል። እዛ ናይ ስደት ሓሳብ፡ ድሕሪ ናጽነት ከመይ ኢላ ከም ዝማዕበለት ሓሲብናሉ’ዶ ንፈልጥ? እስኪ ምዕስ ኢልና፡ ጉዕዞናን ታሪኽናን ንፈትሽ።

ኣብ ዝሓለፈ 28 ናይ ናጽነት ዓመታት፡ እቶም ሎሚ ዝባኖም ቀሊዖም ንሓድሕዶም ዝተሓላለዉ ዘለዉ ገበነኛታት፡ ህዝቢ ኤርትራ ንኽብተን፡ ናብ ስደት ሞታን ክጥምት ከም መደብ ሒዞም ክሰርሕሉ ዝጸንሑ ኢዩ። ተጋዳላይ፡ እቲ ንኽብሪ ህዝቡን ሃገሩን ህይወት ዝኸፍል ዝነበረ ተጋዳላይ፡ ኣብ 1991 ዓ.ም ብዓወት ኣስመራ ምስ ኣተወ፡ ነዚኣ ኢዮም ምሂሮሞ። ሽዑ ነቲ ጥራይ ጅቡኡ፡ ብሓጻውን ዝተበሳስዐ ጨዋዳታት ተሰኪሙ ዝኣተወ **ተጋዳላይ፡ ብጥሙይ ከብዱ፡ ብዕሩቕ ዝባኑ ኣብ ጥራይ ጎልጎል ደርቢዮምናብ ለሚ ከምዝቕየር ገይሮሞ።** ደስ ዝበለቶ ካምቻ ክገዝእ፡ እንዳ ሻሂ ኣትዩ ጽምኡ ከርዊ፡ ንቃል-ኪዳን መጸሰሪ ዝኾኖ ክዳውንቲ ክገዝእ፡ ኮታ ከም ሰብ ንቐለልቲ ነገራዊ ድሌታቱ ከማልእ፡ ናብቶም ቀደም ጠንጢኖሞን ከዲዖሞን ናብ ስደት ዝኸዱ፡ ናይ ቃልሲ ብጾቱ ዝነበሩ ሰባት ቁሊሕ ክብል ተገዲዱ። ተጋዳላይ ዓዲ ከይዱ ወለዱ ንኽርኢ፡ ኣብ ፈቐዶ ጽርግያታት ኢዱ ዊጥ እናበለ ዝሓልፋ መካይን ክሔልኣኦ ለሚኑ። ኣብ ገዛ ተዓጽዮም ትቕማስ መግቢ ንዘይነበሮምወለዱ ክዕንግል፡ ንመጸተዊ ገዛ ኣብ ኢዱ ኣንጠልጢሉዎ ዝኣቱ ከምሓርጬ ሽኮርን ጸባን ክልግስሉ ንሓለፍቱ ለሚኑ። ኣብ ጥቓ ዓዱ ኮይኑ ወለዱ ኣናኣለየ፡ ዝተዋህቦ ስራሕ መንግስቲ ክዓምም ብመንገዲ ዝፈልጦም ሓለፍቲ፡ ንዝምልከቶም ሰበ-ስልጣን ለሚኑ። እቲ ተጋዲሉ ዝኣተወ ተጋዳላይ ድኻ፡ እቶም ደቆምብህይወት ክሙዱዎምክጽበዩ ዝጸንሑወለዲ ድኻታት ኮይኖም። ጸገምናይቶም ደቆምዘይተማልሱዎምስድራ ስውኣት እሞከኣ ኣዝዩ ዝኸፍአ ኢዩ። ብኣንጻሩ ኣብ ክንዲ ምግዳል፡ ሃገር ገዲፎምናብ ስደት ዘምርሑን ሞትን ማስዋእትን ፈሪሖም ጠንጢኖሞና ዝሃደሙን ከኣ ናብ ነብሶምን ወለዶምን ዝጥውሩ፡ ነቲ ዋጋ ከፊልና ዘረጋገጽናዮ ናይ ናጽነት ጽሩይ ኣየር ዘስተንፍሱ ንሶም ኮይኖም። ህድማን ክድዓትን ናብ ጅግንነት፡ ሓቦን ስኒ ምንካስን ከኣ ናብ ዕሽነት ዝተለወጠትሉ እዋን ከኣ ሽዓ ኢያ። እታ “ገንዘብ ኣብ ሃገርካን ብጸዕርኻን ዘይኮነስ፡ ኣብ ስደት ሓሲርካን ከዲምካን ኢዩ ዝመጽእ” ዝብል ሓሳብ ኣብ ነብሲ ወከፍ ኤርትራዊ ሓንጎል ሱር ክትሰድድ ዝጀመረት’ውን ሽዓ ኢያ።

ኣብዚ ብንጹር ከብርሆ ዝደሊ፡ ነቲ ሽዑ ዝነበረ ኣተሓሕዛ መንግስቲ ንምግላጽ እምበር፡ ሰባት ንምሕማይን ንወቀሳን ኣይኮንኩን። ብኣንጻሩ ኩሉ’ቲ ኣብ ደገ ዝነበረ ኤርትራዊ ሃገሩ ንምህናጽ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንመጣየስን ማፃገሲ ሓድሽ ናብራ ናይቶም ኣብ ገድሊ ሰንኪሎምን ሽሚሎምን ዝኣትዉ ኣሕዋቱ ኩሉ ዝከኣሎ ገይሩን ዝያዳ ክገብር’ውን ሕጉስ ነይሩን ኢዩ። ኩሉ’ቲ “ነሕዋትና” ተባሂሉ ዝተኣከበ ገንዘብ ግን ኣብ ጁባ ናይቶም ሎሚ ናብ ጎይቶት ተለዊጦም ዘለዉ ጓሓሉ ኣትዩ ጩውኮይኑ ኢዩ ተሪፉ። ብሞዕሪኡ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ እውን “ምጥያስ ሰራዊት ልዕሊ ዓቕሚናይቲ ሓድሽ ዝቖመ መንግስቲ ኢዩ” ኢሉ ስለ ዝኣመነ፡ ኩሉ ዝከኣሎ ክገብር፡ ግን ከኣ ግብራዊ - ዝጨበጥ ስጉምቲ ክርኢ ቃል ኣትዩ ነይሩ

ኢዩ። እታ ናይ ቀተልትን ገበነኛታትን ጉድለ ግን፡ ኩሉ’ቲ ክወሃብ ዝድለ ገንዘብ ኮነ ካልእ ሓገዛት፡ ብቐጥታ ኣብ ኢዳ ክወሃባ ኢያ ሓቲታ። ንማጣየስን እግሪ መትከልን ዘይኮነ፡ ስልጣን መዐቀብን ንጁሃት ክትቀትለሉን ስለዝደለየት። ገለ ካብቲ ንማብገሲ ዝተዋህባ ገንዘብ’ውን ኣብ ኢዳ ምስ ኣተው፡ ጩውኮይኑ ኢዩ ተሪፉ። እቲ ከም መርኣያ ናይቲ ብድሕሪኡ ክስዕብ ዝተሓስበ ናይ ጥሙቕን ድኽነትን፡ ናይ ስደትን ከርተት ፖሊሲ፡ ከም መፈተንታ ዝተወስደ ተጋዳላይ እምባኣር፡ ነቲ ድሕሪ ናጽነት ክመጽእ ዝኽእል ናይ ምጥያስን ምውጋንን ስራሕ ክዳለወሉን ስነ-ኣእምሮኣዊ ምቅርራብ ክገብረሉን ኣብ ክንዲ ምግባር፡ ኣጉል-ዘይሰርሕ ናይ ሓሶት መብጽዓ ኢዩ ብዘይ ወግዓዊ መንገዲ ዝንገሮ ዝነብረ። ብግብሪ ግን ናብለማኒን ተመጽዋትን ተቐይሩ።

ሽዑ’ውን ንድኽነትን ልማኖን፡ ንስደትን ውርደትን ክርዕምምርጭኡ ኣይነበረን። ኩሉ ዝከኣሎ ገይሩን ንሕመቕን ሕስረትን ክብድህ ተቓሊሱን ኢዩ። ካብ ደገ ሃገሩ ከልምዕን ኣብ ወፍሪ ክሳተፍን ብዙሕ ሰብ ናብ ሃገሩ ተማሊሱ። ኤርትራዊ፡ እቲ ስንኪሉን ሸምጊሉን በሰላታት ተሰኪሙ ዝኣተወ ተጋዳላይ ጥራይ ዘይኮነ፡ ዋላ እቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ኮይኑ ምስ ፈንጅን ወፍርታት ወዶ-ገባን እናተቖራቖሰ፡ ክቡር ዋጋ ከፊሉ፡ ናጽነት ውሑስ ዝገበረ ህዝቢ ክይተረፈ፡ ሊቸንሳ ኣውጺኡ ከነግድ፡ ሞተረታት ገዚኡ ኣሕምጻትን ፍረታትን ከልምዕ፡ ከምደርሁ፡ ኣናህብን ኣባጊዕን ኣፍሪዩ ክሸይጥ፡ ዓሳ ገፊፉ ናብ ዕዳጋ ከቕርብ፡ ገዛውቲ ሰሪሑ ከካርን ክሸይጥን ዘይፈተነ ኣይነበረን። ኩሉዚ’ውን ጩውኮይኑ ተሪፉ። ከምገለ ሰሊጠዎ ክዕወት እንተ ጀሚሩ፡ ብለይቲ ተገፊፉ፡ ንብረቱ ዛሕዚሑ ብብልሽውና ተኸሲሱ ይእሰር። መንእሰይ እንተ ኾይኑ ከኣ ንብረቱ ከይጠርነፈን ከይተላበወን፡ ብሃንደበት ካብ መንገዲ ተገፊፉ ናብ ሳዋ-ናብ ታዕሊምይለኣኽ። በቃ ኤርትራዊ ኣብ ገዛእ ሃገሩ ከምዘይሰርሕ ተገይሩ። ሓርኮትኮት ኤርትራዊ ጩውሓፊሱ። ሽዑ ከኣ ኢዩ ነብሱን ስድርኡን ክናቢ ዝደሊ መንእሰይ ምርጭኡ ስደት ጥራይ ዝኾነ። ጽቡቕ ክትክደንን ጽቡቕ ክትረግጽን ዝበሃገት ጎርዞ፡ ኣብ ትሕቲ ከምኣ ዝበላ ደቀ-ንስትዮ ክትግዛእ፡ ንስራሕገዛ-ንዓዲዓረብ ጠሚታ። ነዚ ኩሉ ብስውር ከምዝትግበር ዝገበረ ከኣ፡ በዚ ሎሚሃለቓ ሸፋቱ ኮይኑ ዘሎ ኢሰያስ ኣፎርቂ ዝምራሕ ጉድለ ኢዩ። እነሆ ከኣ ሎሚእታ ኢሰያስ ዝመርሓ ጉድለ፡ **ጉድለ ገበነኛታት** ምኻና ብንጹር ኣርእያትና።

ክብኢለ፡ ስደት ከምመፍትሒ ግዝያዊ ጸገምኮይኑ ናብ ሕ/ሰብ ኤርትራ ዝኣትወሉ መንገዲ ኢየ ገሊጸ። ኤርትራውያን ሃገሮምገዲፎምናብ ስደት ምስ ወሓዙ’ውን፡ ኣብታ ዶብ ዝሰገሩላ እዋን፡ ኩሎምብናይ “ተኩስካ ቅተል ፖለሲ” ንሞት ፍሩዳት ኢዮምነይሮም። ንስክላ ኣማኢጦምዶብ ምስ ሰገሩ’ውን ኣይገደፎምን። ደላሎን ነግዶ ደቂ-ሰብን ኣዋፊሩ፡ ባሕሪን ምድረ-በዳ ሲናይን ሰጊሮምኣብ ኤውሮጳን

እስራኤልን ክሳብ ዝኣትዉ፡ ካብቲ ንማስጋገሪ ዝኸፍልዎ ገንዘብ ክሳብ ማሻጣ ናውቲ ኣካላቶም፡ ካብታ ዓጽሚጥራይ ዝተረፈት ነብሶም ኣሽሓት ዘቐቑ ኢዩ። ነቶም ነዚ ኩሉ ሰጊሮም ኤውሮጳን ኣሜሪካን ኣትዮም መንበሪ ፍቓድ ናይተን ሃገራት ዝረኸቡ'ውን ተማሊሱ ከምመወዓውዒ (advertisement) ንዝያዳ ስደት ናይቶ ንኹሉ ጸገምተጸዊሮም ኣብ ኤርትራ ዝተረፉ ካልኦት ተጠቒማሎም፡ እቶም ካብ በረኻታት ኤርትራ ካብ ኣገልግሎት ሃዲሞም፡ ኣብ ዓዶም ሓንቲ ለይቲ ክሓድሩ ዘይክእሉ ዝነበሩ መንእሰያት፡ መንበሪ ወረቐት ናይ ሃገራት ኤውሮጳን ኣሜሪካን ሒዞምኤርትራ እንተ ተማሊሶምግን "መን ኢኻ!!" ዝብል ዘይብሎም፡ ቀደም(ቅድሚ ሃገር ምግዳፎም) ክረግጽዎን ክንቀሳቐስዎን ዘይክእሉ ዝነበሩ ቦታታት፡ ልቦም ነፊሖም 'ሽናዕ' ክብልሉ ኪኢሎም፡ ክልተ ካብ ሜእቲ ከፊሎም፡ ሜሬት ክማስሑ፡ ብኣካል ተረኺቦም ክሰርሕዎን ከስርሕዎን ተራእዮም፡ እዚ ዕድል'ዚ ነቶም ኣብ ናቶምደረጃ ዝነበሩ፡ ስደት ከይጠዓሙ ኣብ ውሽጢሃገር፡ ንመንግስቲ ተማእዚዞም ኣብ ኣገልግሎት ዝጸንሑማዛንኦምመንእሰያት - **<u>ፍጹም</u>**ዝፍቀድ ኣይኮነን።

ነዚ ዝረኣዩ እንተ ተጸጊሞም፡ እንተ ብኻልእ ምኽንያት ኣብ ዓዶምን ኣብ ኣገልግሎትን ዝጸንሑመንእሰያት ከኣ ጸሪሮምሃገር ይገድፉን ይስደዱን ኣለዉ። ብዙሓት ወለዲ'ውን ደቆምሜቖምከፋንዉጀሚሮም፡ ንሳዋን ወረ ሳዋን ዕድሜኦም ዘይኣኸለ ቆልዑ፡ መጻኢኦም ምስ ጸልሙተ ተሰዲዶም፡ መዓስ እዚ ጥራይ፡ እቶም ከም ገለ ሰሊጡዎም ኤውሮጳ ዝኣተዉ ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ'ውን፡ ንኣቦታቶምን ኣዲኦምን "ኣለይትና" ኢሎም ፕሮሰስ ገይሮም ከምጽእዎም ንርኢ ኣሎና። እነሆ ከኣ ዝዓበየን ዝነኣሰን፡ ዝኽኣለን ዘይከኣለን ኩሉ ኤርትራዊ ንስደት ነቒሉ። ኤርትራ ብዘይ ሰብ ተሪፋ። እቶምሰብ ምቕታል ዝለመዱ ገበነኛታት ሰሊጡዎም"መን ኢኻ!" ዝብል ዘይብሎም፡ ኣብታ - እምባር ሽማግለን ድኑስን፡ ዝሰምዕ ጎበዝ ዘይብላ ሃገር፡ ርእሶምኣቕኒያምከምድላዮምይዛወሩ ኣለዉ። እዚ ክሳብ ሕጂ ንርእዮ ዘሎና ኣተሓሕዛ መንእሰያትና ከኣ እዚ ኢዩ።

ናብ ኣርእስተይ ክምለስ። እሞ- ኤርትራ ናይ መን ትኾን? ሃገርና ብመን ትውነን? **<u>በቶም ዝበዝሑ ንጹሃን ደቃ'ዶ፡ ወይስ በቶም ውሑዳት ሰብ ገበን</u>**? ኤርትራዊ ሕ/ሰብ፡ ኤርትራዊ ስነ-ምግባርን ወግዕን ይቐጽል'ዶ ኣብ ሰንከልከል ይእቶ? ኣንቱም ኣብ ውሽጢ ሃገር ኮንኩም ናብ ስደት ተቋምቱ ዘለኹም መንእሰያት፡ ማሰረት ቀጻሊ ሕ/ሰብ ኤርትራ ንስኻትኩም ኢኹም፡ ኤርትራ ናትኩም እምበር፡ ናይቶም ከም ቁሪ ዝፍርሑ፡ ካብ ምሕር ፍርሒ - ሰብ ንምቕታል ድሕር ዘይብሉ ገበነኛታት ኣይኮነትን።

ኣንቱም ኣብ ፈቐዶ መዓስከራትን ከተማታትን ኢትዮጵያ ተበቲንኩም ዘለኹም ኤርትራውያን፡ ብመንገዲ ኢትዮጵያ ናብ ከንያን ኡጋንዳን፡ ካብኡ'ውን ንዝያዳ

ስደት ናብ ሃገራት ምዕራብ ተቓምዑ ዘለኹም መንእሰያት ሃገረይ!! "እንጀራ ጀላዕ ኣይበላዕ!!" ዝብል ምስላ ኣቦታትኩም ዘክሩ። ስደት ሓሳር ኢዩ። ኣብ ስደት ዘብለጭልጭ ጨርቀ-ሞርቅን ዝብላዕ መግብን ኣይሰኣንን ይኸውን። ተኣማሚንካ ትረግጾ፡ ኣፍካ ሞሊእካ ትዛረበሉ፡ ዋንነት ሃልዩኳ 'ናተይ' ትብሎ ክብሪ ግን የለን። እዘም "ዑቕባኹም" ንብሎም ዘሎና ሃገራት ምዕራብ፡ ኣብ ውሽጦም ንዝነበሩ ጓሓሉ ኣልዮም ኣብ ዘረጋገጽዎ ማሰል፡ ሰሪሖምን ጽዒሮምን ኣብ ዝሃነጽዎ ስርዓተ ቁጠባ ኢና ንሕወሰምዘሎና። ንሳቶምውን ዝብላዕን ዝኽደንን ክልግሱልና፡ ኣብ ትሑት ንሶም ዝንዕቅዎ ስራሕ ክንሰርሕ'ውን ከፍቅዱልና ይኽእሉ ኢዮም። ኣብ ማእከል ዓዶም ማዕሪኦም ክንከውን ግን ዝከኣል ኣይኮነን። ኣብዚ መዳይ'ዚ፡ ናይቶም ንወለዶታት ዝተቐማጡ ብዘይካኣ - ካልእ ሃገር ዘይብሎም በቶምጸዓዱ ከምጓኖት ዝረኣዩ ዘለዉጸለምቲ ኣሜሪካውያን ህይወት - ከምኣብነት ክንወስዶን ክንማሃረሉን ንኽእል ኢና።

ኣንቱምኣብ ሱዳን ኣብ ትሕቲ መዘሓልን ሚረውሓን ትነብሩ፡ ብዶሮናን ካምኪንን ትግጨዉ ዘለኹም ኤርትራውያን፡ ዓዲ ኣለኩም፡ ሚረውሓ ዘየድልዮ ዝሑል ኣየር ዘውንን፡ ዋላኻን ባዕከልን ዝሓመዱ መሬት። ብዋንነት "ናተይ" ኢልኩምኣፍኩም ሞሊእኩም እትዛረብሉ ሃገር ኣለኩም፡ ኣንቱም ኣስማትኩም ቀይርኩም ግብሪ እናኸፈልኩም ኣብ ሱዑድያን ቀጠርን፡ ኣብ የማንን ኣቡዳብን ዘለኹም ኤርትራውያን፡ ሃገር ኣላትኩም፡ ልሙዕ ኣግራብን ድንግል ሓመድን እትውንን ሃገር። ነቶምርሂጽኩምን ለፊዕኩምን ግብሪ ትኸፍዎምዘለኹም'<u>**ዓምታት**</u>'፡ ባሕሪ ሰጊሮም ብምምጻእ፡ ኣጋይሽኩም ክትገብርዎም ሕሰቡ። ሓቀኛ ኣስማትኩም ነጊርኩም ናይ ሃይማኖትን እምነትን ናጽነት - ማሰል ምዃኑ ክትምህርዎም ኢኹም፡ ነዚ ንምግባር ግን ቀተልትን ጓሓሉን ካብ ሃገርና ክእለዩ ኣለዎም፡ ኩሉ ጻዕርኹም ሕልምታትኩም ትምኒታትኩምን ትጽቢታትኩምን ናብ ሃገርኩም ግበርዎ። ክብረትኩምኣብ ሃገርኩምኢዩ ዘሎ። ስደት ሕስረት ኢዩ።

ኣብ 2ይን መወዳእታን ክፋል የራኽበና

**ታደሰ ኪዳነ**

**ካብ ከተማ በርሚንግሃም- ዓባይ ብሪጣንያ**